KANTON AARGAU

**DEPARTEMENT**
**GESUNDHEIT UND SOZIALES**
Abteilung Gesundheit

**Andreas Obrecht**
ሓላፊ ፕሮክራም ኮቪድ-19
Bachstrasse 15, 5001 Aarau
Telefon direkt 062 835 23 73
Telefon zentral 062 835 29 30
Fax 062 835 29 39
andreas.obrecht@ag.ch
www.ag.ch/dgs

ናብ ዋሕሳት ተመሃሮ

16 ነሓሰ 2021

**ክታበት ኮቪድ-19 ን12 ልዕሊኡን ዕድሜኦም ኮተቴታትን ኣብ ካልኣይ ደረጃ ኣብያተ-ትምህርቲ Aargau**

ናብ ኣቶ ወይ ወይዘሮ

ኣብ መወዳእታ ሰነ፡ 12 ልዕሊኡን ዕድሜኦም ኮተቴታትን ኣብ ናይ ክታበት ማእከላት ሆስፒታል Aarau AG ከምኡ'ውን Baden AG ክታበት ጸረ ኮቪድ-19 ክኸተቡ ከምዝኽእሉ ሓቢርናኹም ኔርና። እዚ ኣማራጺ እዚ ሕጂ እውን ክቕጽል እዩ።

ካብ ከባቢ መወዳእታ ናይ ነሓሰ 2021 ጀሚሩ ኮተቴታት ኣብ ዝተፈላለዩ ኣብያተ-ጽሕፈት ናይ ህጻናትን ናይ ስድራ-ቤትን ሓካይም ብውልቂ ክኽተቡ ክኽእሉ ኢዮም። ነዚ ዕድመ ክትጥቀምሉ እንተደሊኹም፡ ንናይ ህጻንኩም ሓኪም ወይ ንናይ ስድራ-ቤትኩም ሕክምና ብቐጥታ ብምውካስ፡ ክታበት ይህብ እንተኾይኑ ምሕታት ዝበለጸ እዩ። ካብ መወዳእታ ነሓሰ ጀሚሩ፡ ኣብ ኩለን ናይ ክታበት ማእከላት፡ ናይ ኮተቴታት ክታበት ክወሃብ እዩ። እዚ ከኣ ምስ ፍቓድ ምሃብ ንናይዞም ኣብዚ ክሊ ዕድመ ዝርከቡ ጉጅለ ብዝተሓሓዝ ክታበት Moderna እዩ።

ብተወሳኺ፡ ካብ መስከረም ጀሚሩ ካንተን ናይ Aargau ኣብ ናይ ካልኣይ ደረጃ ኣብያተ-ትምህርቲ Aargau ናይ ኮቪድ-19 ክታበት ከካይድ እዩ። እቲ ልክዕ ናይ ጓልኩም/ወድኹም ዝኽተብሉ ዕለት ብቐጥታ በቲ ቤት-ትምህርቲ ክሕበረኩም ኢዩ።

ንስኹም ከም ወለዲ/ሞግዚት ከምኡ'ውን ውላድኩም እንድሕር ተሰማሚዕኩምሉ፡ ከምኡ ድማ ዝኾነ ከቢድ ናይ ጥዕና ጸገማት እንተዘይሃልዮም፡እቶም ክታበታት ኮቪድ-19 ኣብቲ ቤት-ትምህርቲ ብተንቀሳቓስቲ ናይ ክታበት ጉጅለታት ወፍሪ Aargau ክወሃብ ይከኣል እዩ።

ኮተቴታት፡ ክታበት ንክወስዱ ነዞም ዝስዕቡ ሰነዳት ናብ ቤት-ትምህርቲ ከምጽኡ ኣለዎም፡

- ዝተፈረመ ቅጥዒ ናይ ፍቓድ ስምምዕ (እቲ ቅጥዒ ኣብ ግዚኡ ካብቲ ቤት-ትምህርቲ ክትረኽብዎ ኢኹም)።
- ካርድ መድሕን ጥዕና
- ወረቐት መንነት/ፓስፖርት/ናይ ወጻእተኛ መለለዪ ካርድ
- እንድሕር ናይ ኮቪድ-19 ክታበት ይምዝገብ ኮይኑ ከኣ ንእሽቶ መጽሓፍ ክታበት።

ንዝያዳ ሓበሬታ ብዛዕባ ክታበት ኮቪድ-19፡ ብኽብረትኩም ነዞም ዝስዕቡ መላገብቲ (ሊንክ) ብጽሕዎም፡

- ካንተን ናይ Aargau፡ ክታበት ኮሮና ቫይረስ
- ፈደራላዊ ቤት-ጽሕፈት ጥዕና ህዝቢ (BAG)፡ወረቐት ሓበሬታ ንኮተቴታት
- ፈደራላዊ ቤት-ጽሕፈት ጥዕና ህዝቢ (BAG)፡ክታበት ኮሮናቫይረስ
- Swissmedic:ገለጽቲ ቪድዮታትs
- ካንተን ናይ Aargau፡ናይ ኮቪድ-19 ቪድዮ

ምስ ስላምታ

| | | |
|---|---|---|
| Andreas Obrecht | PD Dr. med. Christoph Fux | Dr. med. Andrée Friedl |
| ሓላፊ ፕሮክራም ኮቪድ-19 | ስነ-ረኽሲ | ስነ-ረኽሲ |